ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الانقاذ الوطني الارترية
مكتب الاعلام والثقافة

Eritrean National Salvation Front
Information and Caltural office

ዜና

ገለ መሳጂድ መንደፈራ ናይ ሷላተል-ጁምዓ ኹጥባ ምግባር ተኸልኪሎም

ናይ ዓፈና ጨካን መሳርሒታት ባእታታት ስለያ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ርእሲ ጸልማት ሸፋን ገጽ (ማስካራ) ዚተጎልቢቦ፡ ለይቲ ቀዳም 9 ሕዳር 2019 ኣስታት ሰዓት ዓሰርተው ሓደ ካብ ኣባይቲ መንደፈራ ብሓደ ወፍሪ 23 ሰላማውያን ዜጋታት ካብ መደቀሲኦም ኣበራቢሮም ታርጋ ብዘይብለን መካይን ናብ ዘይተፈልጠ ቦታ ከም ዚወሰዱዎም፡ እሙናት ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሓብሮም። እቶም ጨወይቲ ባእታታት ስለያ፡ ነቶም ብስንባደ ካብ ድቃሶም ዚተበራበሩ ኣባላት ግዳያት ስድራቤታት፡ ብሒም እንክይብሉን ቃል'ውን ከይውጹኡን ለይቲ ጸልማት ብኣፈሙዝ ከም ዝሃደዱዎም፡ እቶም ዝትጠቕሱ ምንጪታት ብተወሳኺ ሓብሮም።

ኣብ ርእሲኡ ካኣ፡ ጁምዓ (ዓርቢ) 15 ሕዳር 2019፡ መኮነናት ጸጥታ ንገለ ኢማማት መሳጂድ ቅድሚ ሷላት ጁምዓ ኣኣብ መሳጂዶም መጺኦምዎም፡ ንነፍስ ወከፎም ሎሚ ኹጥባተል-ጁምዓ ከይገትብሩ ኢሎም ከም ዝእዘዙዎምን፡ ብኡኡ መሰረት ሷላተል-ጁምዓ ብዘይኹጥባ ከም ዘሰገዱን፡ እሙናት ምንጭታት ግሃድኤ ገልጾም።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ

17 ሕዳር 2019